The Children's Society

# ሃገራዊ መስርሕ መውከሲ

ንወለዲ ዚኸውን መምርሒ

© The Children's Society 2020

The Children's Society

## ኤን.ኣር.ኤም. እንታይ እዩ፧

ኤን.ኣር.ኤም. ወይ 'ሃገራዊ መስርሕ መወከሲ' ግዳያት ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባትን ዘመናዊ ባርነትን ዝኾኑ ሰባት ዚልለዩሉ ስርዓት እዩ።

በዚ መስርሕ እዚ ኣቢልካ፡ ግዳያት ደገፍ ከም ዝረኽቡን እቲ ዘሕለፍዎ ተመክሮ ኣፍልጦ ኽም እተዋህቦን ኪረጋገጽ ይግባእ።

## ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባት እንታይ እዩ፧

እዚ ዚስዕብ ክልተ ነገራት እንተ ኣጋጢሙ፡ ሓደ ቈልዓ ግዳይ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባት ከም ዝኾነ ጌርካ ኪርአ ይግባእ፦

### 1.

እቲ ቈልዓ ንስራሕ እንተ **ተዓሲቡ** (ንኣብነት፡- ገንዘብ ወይ ህያብ ከም ዚውሃቦ መብጽዓ ተኣትዩሉ፡ ማሕበረሰባዊ ደረጃ ኽም ዚህልዎ ብምንጋር ወይ ይብጽሑኒ ዚብሎም ሰባት ከም ዘለውዎ ብምንጋርን መንነት ከም ዚህልዎ ብምግባርን– ነዚ ኽኣ '**ምድላው** ' ንብሎ)

ወይ

እቲ ቈልዓ ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ **ብመጐዓዝያ እንተ ኸይዱ** (ከምዚ ኺብሃል ከሎ፡ ዋላ እውን ኣብ ውሽጢ ሓደ ቍሸት ወይ ከተማ፡ ነዊሕ ወይ ሓጺር ጕዕዞ ኪኸውን ይኽእል እዩ)

ወይ

እቲ ቈልዓ እንተ **ተታሒዙ**። ምሓዝ ኪብሃል ከሎ፡ ንሓደ ሰብ ምሓዝ ወይ ምሕባእ ማለት እዩ፣ ንኣብነት፡ ንጉልበታዊ ዕዮ ኢልካ ኣብ ሓደ ቦታ ሕርሻ ወይ ከኣ ኣብ ሓደ ማእከል መሸጣ ሓሽሽ ዝኾነ ገዛ (መብዛሕትኡ እዋን 'ገዛ መፈንጠራ' ተባሂሉ ዚጽዋዕ) ሓቢእካ ምሓዝ ማለት እዩ።

### 2.

እዚ ነገር እዚ እተገብረሉ ዕላማ፡ ነቲ ቈልዓ **ንምምዝማዝ እንተ ኾይኑ**።

ንኣብነት፡- ሓደ መንእሰይ ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ ብባቡር ከይዱ ሓሽሽ ኬብጽሕ ይልኣኽ። ነዚ ተግባር እዚ **ገበናዊ ምዝመዛ** ኢልና ኢና እንጽውዖ።

ካልእ ኣብነት ከኣ፡ ናይ ሓደ መንእሰይ ሕሳብ ባንክ፡ ብዘይሕጋዊ መገዲ እተረኽበ ገንዘብ ንምቕማጥ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል። ነዚ ተግባር እዚ ድማ፡ **ፋይናንሳዊ ወይ ገንዘባዊ ምዝመዛ** ኢልና ንጽውዖ።

ሓደ ኣብነት **ጕልበታዊ ምዝመዛ**፡ ንሓደ መንእሰይ መሃያ ኸይከፈልካ ኽም 'ዚሰርሕ' ምግባር ኬጠቓልል ይኽእል እዩ።

ወይ **ጾታዊ ምዝመዛ** ኪብሃል ከሎ፡ ምስ ሓደ ወይ ዝያዳ ሰባት ጾታዊ ርክብ ኪፍጽም ብሓይሊ ኺግደድ ከሎ ማለት እዩ።

© The Children's Society 2020

**ልክዕ ከም ኲሉ ምዝመዛ ቈልዑ፡ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባትን ዘመናዊ ባርነትን እውን፡ ኣብ መንጎ መንእሰይን ኣብ መንጎ እቶም ንዓታቶም ዚቈጻጸርዎም ሰባትን (ንኣብነት ብምኽንያት ዕድመ ወይ ደረጃ) ሚዛኑ ዝሰሓተ ሓይሊ ኸም ዘሎ ዜርኢ እዩ።**

ሓደ ቈልዓ (ልክዕ ከም ሓደ ንብረት) ካልእ ሰብ ከም ዚውንኖ ጌርካ እንተ ተታሒዙ፡ ወይ ከኣ ኣብ ገሊኡ ቦታ ኺሰርሑ እንተ ተገዲዶም፡ እሞ ኸኣ ኣብ ዝደለይዎ ግዜ ኪኸዱ ዘይክእሉ እንተ ኹይኖም፡ እዚ ዘመናዊ ባርነት ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ካብ ዝኾነ ይኹን ድሕረ ባይታ ዝመጸ ቈልዓ፡ ንምዝመዛ ኺዳሎ ኸም ዚኽእል ምግንዛብ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ዘሕፍር ኣይኰነን፣ ኰይኑ ግና፡ እቲ ብቕንዱ ኣገዳሲ ዝኾነ ነገር፡ ነቲ ምልክታት ምልላይን ብዛዕባኡ ንዚምልከቶ ምንጋርን እዩ፣ ከመይሲ፡ ከምኡ እንተ ተገይሩ፡ እቲ ቈልዓ ቕኑዕ ደገፍ ኪረክብ ይኽእል እዩ። ኤን.ኣር.ኤም. ወይ ‘ሃገራዊ መስርሕ መወከሲ፡’ ከም ኣማራጺ እቲ ልሙድ መምርሒ ድሕንነት ጌርካ ኺርአ የብሉን፣ ኣብ ክንዳኡስ፡ መስርሕ ‘ሃገራዊ መስርሕ መወከሲ’ መመላእታ እቲ ልሙድ መምርሒ ድሕንነት እዩ። ስለዚ፡ ብዛዕባ ዘተሓሳሰበካ ነገር ንፖሊስን ነቲ ኣብ ከባቢኻ ዚርከብ ሰራሕተኛ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ምንጋርካ ሕጂ እውን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

## መስርሕ መወከሲ ኤን.ኣር.ኤም.

ወለዲ ባዕላቶም መወከሲ ኤን.ኣር.ኤም. ኪገብሩ ኣይክእሉን እዮም፣ ኰይኑ ግና፡ ከም ፖሊስን ማሕበራዊ ኽንክንን ዝኣመሰሉ ውድባት፡ ሓደ ሰብ ግዳይ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባት ኪኸውን ከም ዚኽእል እንተ ጠርጢሮም፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽንን ድሕንነትን ዓባይ ብሪጣንያ መወከሲ ናይ ምግባር ሓላፍነት ኣለዎም። እቶም መወከሲ ኺገብሩ ወይ ኬመልክቱ ሓላፍነትን ግዴታን ዘለዎም ሰብ ሞያ፡ **ፋልሞት ወሃብቲ ምላሽ** ይብሃሉ።

- ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባት (ሓባሪ እውን ዚብሃል) ከም ዚግበር ዚሕብር ምልክት እንተ ኣልዩ፡ እዚ ነቶም ፋልሞት ወሃብቲ ምላሽ ነቲ ጕዳይ ናብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽንን ድሕንነትን ዓባይ ብሪጣንያ መወከሲ ኺገብሩ ወይ ኼመልክቱ ብቑዕ ምኽንያት እዩ።

- ድሕሪኡ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽንን ድሕንነትን ዓባይ ብሪጣንያ፡ እቲ ሰብ ከም ግዳይ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባት ጌርካ ኺርአ ዚግባእ እንተ ኹይኑ ኺውስን እዩ።

- ገሊኦን ማሕበራት ረድኤት እውን፡ መወከሲ ኤን.ኣር.ኤም. ኪገብራን ምኽሪ ኺህባኻን ይኽእላ እየን። ንኣብነት፡ ናብ NSPCC ብምድዋል ናይ ማሕበር ዕቝባ ሕጻናት ወይ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፣ ወይ ብዛዕባ ዘመናዊ ባርነት ብምድዋል ደገፍ ኪርከብ ይከኣል እዩ።

## ውሳነ ኤን.ኣር.ኤም. እንታይ ማለት እዩ፧

እቲ ውሳነ ዚግበረሉ መስርሕ፡ ክልተ ደረጃ ኣለዎ፦

1. **ርትዓዊ መሰረት ዘለዎ ውሳነ**ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ መዓልቲ ኺግበር ኣለዎ። ከምዚ ኺብሃል ከሎ፡ ‘**ጥርጣረ ኣሎኒ ግናኸ መርትዖ የብለይን**’፣ ግዳያት እዮም።

The Children's Society

2. ነዚ ስዒቡ፡ ናይ መወዳእታ **ዘየጠራጥር መሰረት ዘለዎ ውሳነ** ኺግበር ይግባእ። ከምዚ ኺብሃል ከሎ፡ **'‘እቲ ጒዳይ ኸም ዘጋጠመ ብዝያዳ እኣምን’** ከም ማለት ዓይነት እዩ፣ ግዳያት እዮም፥

> ናይ መወዳእታ ዘየጠራጥር መሰረት ዘለዎ ውሳነ ኽሳዕ ዚገብሩ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ናብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽንን ድሕንነትን ዓባይ ብሪጣንያ ኺልኣኽ ይኽእል እዩ። ገለ ኣገዳሲ ሓድሽ ሓበሬታ እንተ ተረኺቡ፡ ውሳነ ኣብ ምግባር ኪሕግዞም ይኽእል እዩ። ዋላ እኳ ወለዲ መወከሲ ኤን.ኣር.ኤም. ኪገብሩ ወይ ኺመልክቱ ዘይክእሉ እንተ ኾኑ፡ ድሕሪ እቲ መወከሲ ወይ መመልከቲ ሓድሽ ሓበሬታ ኽትልእኽ ትኽእል ኢኻ። ዚከኣል እንተ ኾይኑ፡ እዚ ነገር እዚ ምስቲ ፈለማ ነቲ መወከሲ ዝገበረ ወይ ዘመልከተ ውልቀ ሰብ ወይ ውድብ ኳንካ እንተ ተገብረ ይሓይሽ ንብል። ሓድሽ ሓበሬታ ናብ nationalreferralmechanism@homeoffice.gov.uk ኺልኣኽ ኣለዎ።

ሓደ ሰብ ግዳይ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባት እንተ ኾይኑ፡ ብፖሊስ ኣብ ዚተሓዘሉ እዋን ወይ ብሰንኪ ገበን ኣብ ቅድሚ ፍርዲ ኣብ ዚቐርበሉ እዋን፡ እቲ ግዳይ ምዃኑ ነቲ ዚተሓዘሉ መገዲ ይጸልዎ እዩ፣ ምኽንያቱ፡ እቲ መንእሰይ ምዝመዛ ኣጋጢምዎ እዩ። ኣብዚ ኹነታት እዚ፡ ግዳያት ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባት ዝኾኑ ውልቀ ሰባት፡ ሕጋዊ መገዲ ኺጥቀሙ መሰል ኣለዎም፣ እዚ ኸኣ መከላኸሊ ዘመናዊ ባርነት ተባሂሉ ይጽዋዕ፣ ነዚ ድማ ምስ ጠበቓኦም ኪዘራረቡሉ ይግባእ።

ሓደ ቈልዓ ካብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽንን ድሕንነትን ዓባይ ብሪጣንያ ኣብ መዳይ እቲ ዘየጠራጥር መሰረት ዘለዎ ውሳነ ኣወንታዊ ምላሽ እንተ ረኺቡ፡ ካብቲ ዘሕለፎ ሕማቕ ተመክሮ ምእንቲ ኺሓውዩ፡ ከም ምስ ብዓል ሞያ ስነ ኣእምሮ ኺራኸቡ ብምግባር፡ ኣድላዪ ደገፍ ኺግበረሎም ይግባእ። እዚ ደገፍ እዚ፡ ብወሃብቲ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኪቐርብ ኣለዎ፣ እቲ ናይ ኤን.ኣር.ኤም. ውሳነ ኸኣ ክፍሊ እቲ ነቶም ግዳያት ንምዕቃብ ዚግበር ውሳነ ኪኸውን ይግባእ። ከም ወላዲ መጠን፡ ነቲ ኣወንታዊ ውሳነ ተጠቒምካ ካብ ወሃብቲ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ደገፍ ንምርካብ ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ። ውሉድካ እውን እንተ ኾነ ካብ ናጻ ኣገልግሎት ብዓል ሕድሪ ዕቑባ ካብ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባትኪጥቀም ይኽእል እዩ።

ውሉድካ ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ዕቑባ ኺረክብ ይጽዕር እንተ ኣልዩ፡ ውሳነ ኤን.ኣር.ኤም. ነቲ መስርሕ ዕቑባ ኣገዳሲ ኪኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ገሊኡ ኹነታት፡ ኤን.ኣር.ኤም. ዚህቦ ኣወንታዊ ውሳነ፡ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽንን ድሕንነትን ዓባይ ብሪጣንያ ንውሉድካ፡ ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ኪጸንሕ ብእተወሰነ ደረጃ ኺፈቕደሉ ይኽእል እዩ። ብእተኻእለ መጠን ኣቐዲምካ ነቲ ንጒዳይ ስደት ውሉድካ ዝሓዘ ጠበቓ፡ ኣብቲ ጒዳይ ከተእትዎ ኣገዳሲ እዩ፣ እዚ ኸኣ ናብ ኤን.ኣር.ኤም. መወከሲ ቕድሚ ምግባርካ ወይ ቕድሚ ምምልካትካ እንተ ኾነ ጽቡቕ እዩ። ከምኡ እንተ ጌርካ፡ ናብ ኤን.ኣር.ኤም. መወከሲ ኣብ ምቕራብ ኬማኽሩኻን፡ እዚ ምስቲ ውሉድካ ዚሓቶ ዘሎ ሕቶ ዕቑባ ብኸመይ ከም ዚተሓሓዝ ኪነግሩኻን ይኽእሉ እዮም።

## በቲ ብኤን.ኣር.ኤም. እተገብረ ውሳነ እንተ ዘይተሓጒስካ፧

ንስኻ ወይ ውሉድካ በቲ ውሳነ እንተ ዘይተሓጒስኩም፡ እቲ ብኤን.ኣር.ኤም. እተገብረ ውሳነ እንደገና ብቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽንን ድሕንነትን ዓባይ ብሪጣንያ ኪርኣየልኩም ናይ ምሕታት መሰል ኣሎኩም። ነቲ ውሳነ

The Children's Society

ኽትከራኸር ምእንቲ ኽትክእል፡ ጠበቓ ናይ ምርካብ መሰል እውን ኣሎካ፣ እዚ ኸኣ ብህዝባዊ ጠበቓ ኺግበር ኣለዎ፣ (ኣብ ኵነታትካ ተመርኲሱ፡ ነዚ ዚኸውን ሕጋዊ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ትኸውን)። ህዝባዊ ጠበቓ ኣብዚ ኽትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## ሓገዝ ኣበይ ክትረክብ ከም እንትኽእል

ሓገዝ ክትረክብ እንተ ደሊኻ ወይ ብዛዕባ ዝኾነ ይኹን ዘተሓሳሰበካ ነገር ክትዘራረብ እንተ ደሊኻ፡ ንዘመናዊ ባርነት ዚምልከት ጕዳያት ናብ **0800 012 1700** ክትድውል ትኽእል ኢኻ፣ ወይ ናብቲ ማሕበር ዕቑባ ሕጻናት ዝኾነ NSPCC ኣብ **0808 800 5000** ክትድውል ትኽእል ኢኻ።

ሓገዝ ክትረክብ እንተ ደሊኻ ወይ ብዛዕባ ዝኾነ ይኹን ዘተሓሳሰበካ ነገር ክትዘራረብ እንተ ደሊኻ፡ ንዘመናዊ ባርነት ዚምልከት ጕዳያት ናብ **0800 1111** ክትድውል ትኽእል ኢኻ፣ ወይ ናብቲ ማሕበር ዕቑባ ሕጻናት ዝኾነ NSPCC ኣብዚ ዝርዝር ሓበሬታ ክትረኽብ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ገሊኡ ኸባቢ ዮናይትድ ኪንግደም፡ ቈልዑ ብዘይ ሓገዝ ካልእ ሰብ፡ ካብ ናጻ ኣገልግሎት ብዓል ሕድሪ ዕቑባ ኻብ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባት ደገፍ ኪረኽቡ ይኽእሉ እዮም። ውሉድካ ነዚ ሓገዝ እዚ ኺረክብ ዚኽእል እንተ ኾይኑ ንምፍላጥ፡ ናብ **0800 043 4303** ብምድዋል ካብቲ 24 ሰዓት ሓገዝ ዚህብ በርናርዶ ሓበሬታ ኽትረክብ ትኽእል ኢኻ።

**ውሉድካ ገለ ዓይነት ሓደጋ ኼጋጥሞ ኽም ዚኽእል እንተ ጠርጢርካ፡ ኣብ ህጹጽ ኵነታት ናብ ፖሊስ ኣብ 101 ወይ ኣብ 999 ደውል፣ ውሉድካ ግዳይ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባት ይኸውን ከም ዘሎ ድማ ንገሮም።**

ናብቲ ኣብ ከባቢኻ ዚርከብ ጕጅለ ማሕበራዊ ኽንክን ክትድውል እውን ነተባብዓካ፣ ኣብ ወብ ሳይት እቲ ናይ ከባቢኻ ቤት ምኽሪ፡ ዝርዝር ሓበሬታ ኽትረክብ ትኽእል ኢኻ። ቤት ምኽሪ ኸባቢኻ ኣየናይ ምዃኑ ኣብዚ ክትረኽብ ትኽእል ኢኻ።